# ቀታል ከልቡኹም ቅተሉ ！

ሓላው ጥሪት ሓላው ገዛ ከልቢ ምስተቀትለ፤ ኣጓብዝ`ታ ገዛ ነበኦም ነገርዎም፤ ኣቦኦም ከኣ ብሓጺሩ “ነቲ ቀታል ከልቢ ቅተልዎ” ኢሎም መለሱ።

ደቆም ዘረባ ኣቦኦም ስለ ዘይተዋሕጠሎም ” ብስንኪ ኸልብስ ሰብ ክንቀትል ！“ ኢሎም ከምዘይሰምዑ ኾኑ።

ቅንይ`ሎም ከኣ ካብ ጥሪቶም ከብቲ ተሰረቃ ！ ዝተረኽበ ነቦኦም ነገርዎም ፤ ኣቦኦም ሕጂ`ውን“ ነቲ ቀታል ከልቢ ቅተልዎ” ኢሎም መለሱ። ” እንታይ ጉዱ`ዩ ዝተዘምታ ከብቲ ዝቅተል ቀታል ከልቢ ！“ ኢሎም ከምዘይሰምዑ ኾኑ።

ብድሕሪ`ዚ ኹሉ ኸኣ ጎርዞ ጓል ተዘርፈቶም፤ ዝተረኸበ ነቦኦም ነገርዎም ፤ ኣቦኦም ሕጂ`ውን“ ነቲ ቀታል ከልቢ ቅተልዎ” ምስ በሉ፤ ብልሃቱ ክፈልጡ ከይዶም ነቲ ቀታል ከልቦም ቀተልዎ ！

እቲ ወሬ ብሓንሳእ ተዘርጊሑ ዓዲ ተናወጸት፤ ወዮም ከብቲ ዝሰረቁ ” እዚኦም ንቀታል ከልቦም ዝቀትሉ፤ ንስረቅቲ ከብቶም ደኣ ኣበይ ክምሕሩ“ ኢሎም ብለይቲ ኣጸምዮም ነተን ከብቲ መለስወን፤ እቶም ጓል ዝዘረፉ ኸኣ ኣብ እግሪ`ቶም ሰብ ገዛ ወዲቆም ነታ ጓል ንወዲ ዓቢ ዓዶም ሓቲቶም ጀንጅኖም ወሰድዋ ！

ወዳሕንኩም

AAHafiz (230) 9/3/2018